ንግምገማ /መጽናዕቲ ዝገልጽ ዝብተን ጽሑፍ (ፋምፍለት) ከም ዝተቐበልኩን እቲ ትሕዝቶኡ ከም ዝተረዳኣንን ኣፍልጥ።

ማሕበር ቆሎዑን መንእሰያትን ካብቲ መጽናዕቲ ዝርከብ ናተይን ናይ ደቀይን ሓበሬታ ኪረኽቡን ምስ ካልኦት ዝምልከቶም ኪለዋወጡን እፈቅድ/ኣይፈቅድን

ብኽብረትካ/ኪ ዝኾነ ካልእ ርእይቶ እንተለካ/ኪ ኣብ ዳሕረዋይ ወገን ናይ'ዛ ገጽ'ዚኣ ጸሓፎ/ፍዮ ኢኻ/ኺ።

ክታም.................................................................

ስም ወላዲ..........................................................

ዕለት...................................................................

ክታም.................................................................

ስም ወላዲ..........................................................

.ዕለት..................................................................

(ካብ'ዚ ተለቒቑ/ተፈልዩ ምስ ማሕበር ቆሎዑን መንእሰያትን ዝተሓዝ)

**ካብ ማሕበር ቆልዑን መንእሰያትን እንታይ ክጽበ እኽእል፧**

ነቲ ትብለና/ልና ብጥንቃቐ ክንሰምዓካን ምኽሪ ክንህበካን ኣድላዪ እንተኾይኑ ከኣ ውላድካ/ኪ (ደቅኻ/ኺ) ናይ ምእላይ ኣገልግሎት ክንህበካ/ኪን ንኽእል ኢና። ምስ ናይ ውላድካ/ኪ (ደቅኻ/ኺ) ድልየት፣ ባህልን እምነትን ዝሳነን ንናይ ስንክልናን ካልእ ተወሰኽቲ ድልየታታን ከማልእ ዝኽእል ሓገዝን ደገፍን ክንህብ ክንፍትን ኢና።

ብዝተኻእለና መጠን ግልጽን ቅኑዓትን ክንከውንን ነቲ ግምገማ/መጽናዕቲ ብቕኑዕ ኣእምሮ ከነካይዶን ኢና።

ሓደ ሓደ ግዜ በዛዕባ ደሕንነት ውላድካ/ኪ ኣዝዩ ዘገድስና ጉዳይ ክህልወና ይኽእል እዩ። ንውላድካ/ኪ ካብ ዝኾነ ጎዳኢ ነገር ንምሕላው እቲ ብቐዳምነት ሰሪዕና ንሰርሓሉ ጉዳይ እዩ። ደሕንነት ውላድካ/ኪ ንምሕላው ከኣ ምሳኻ/ኺ ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና። ንውላድካ/ኪ ብዝምልከት ዝኾነ ኣገዳሲ ነገር ምስ ዝህልወና ከኣ እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ኪነግረካ/ኪ ስለዝኾነ ኩሉ ጊዜ ብዛዕባ'ዚ ነገርዚ ኣፍልጦ ኪህልወካ/ኪ እዩ።

እቲ ትደልዮ/ዪዮ ኣገልግሎት ኣበ ዝቐልጠፈ እዋን ንምሃብ ዝከኣለና ዘበለ ነገር ኪንገብር ኢና። ይኹን'በር ካብ'ቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት እቶም ኣገልግሎት ዝደልዩ ሰባት እዮም ዝበዝሑ። እዚ ማለት ከኣ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ትደልዮ/ዪዮ ኣገልግሎት ዘይክህሉ ወይ'ውን ብዙሕ ዝጽበ ሰብ ኣብ ናይ ተጸባያይ ሊስታ ኪህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ምስ ዘጋጥም ካልእ ናይ ሓገዝ ኣማራጺ ክንህብ ክንፍትን ኢና። እንተኾነ ግን ዝተወሰነ ኣገልግሎት ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ክንህብ ኢና ኢልና ውሕስነት ክንህብ ኣይንኽእልን።

**እዚ ጽሑፍ'ዚ ብኻልእ ቋንቋታት ውይ ብዓቢ /ፍሩይ ጽሑፍ ኣሎ። ብኽብረትካ/ኪ ከምዚ ዓይነት ጽሑፍ'ዚ እንተደሊኻ/ኺ ነቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ።**

**ስም ናይ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ ዘካየደ/ት ተሓጋጋዚ/ት ሰራሕተኛ**

....................................................................................

ቤት ጽሕፈት....................................................

ቁ.ተሌፎን..........................................................

ቆልዑ <u>ሊድሰ</u>

ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስ ማሕበራዊ ምእላይ ቆልዑን መንእሰያትን

# ሓበሬታ ንወለዲ

***ንዝግበሩ መጽናዕትታት/ ግምገማታት ምግላጽ***

እቶም ዝግበሩ መጽናዕትታት/ ግምገማታት ንወለድን ቆልዑን ዘድልዮም ሓገዝ ኣብ ግዚኡ ከም ዝረኽቡ ንምርግጋጽ ምሳታቶም ብሓባር ናይ ምስራሕ ብልሓት እዩ። ንሕግዘካን/ኪን ዘይንሕግዘካን/ኪን ቅድሚ ምውሳንና ብዛዕባኻን/ኺን ስድራ ቤትካን/ኪን ብዙሕ ሓበሬታ ከድልየና እዩ። ነዚ ንምግባር ከኣ ምሳኻ/ኺ፣ንዓኻ/ኺን ደቅኻን/ኺን ምስ ዝፈልጡ ኪኢላታትን ምናልባት'ውን ምስ ኣባላት ካልኦት ስድራ ቤታትን ምዝርራብ ከድልየና እዩ።

**ስለምንታይ እዩ ምጽናዕቲ/ግምገማ ዝካየድ፧**

መጽናዕቲ/ግምገማ እቲ ቀንዲ ኣድላዪ ከፍሊ ናይ'ቲ ምስ ስድራኻ/ኺ ንገብሮ ስራሕ እዩ። እቲ ንገብሮ መጽናዕቲ ንስኻ/ኺ እንታይ ዓይነት ሓገዛት ከም ትደልን ነዚ ሓገዝ'ዚ ብዝበለጸ ኪህቡ ዝኽእሉ ሰባት'ከ በዓል መን እዮም ንምፍላጥ ኢና ነካይዶ። እቲ ነቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ (Social worker) ዝወሃብ ሓበሬታ ኪእከብን ኪስነድን እዩ። እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ተሰኒዱ/ተታሒዙ ኣሎ ናይ ምርኣይን ርእይቶኻ/ኺ ኪጸሓፈልካን/ኪን ኪስነደልካን/ኪን መሰል ኣለካ/ኪ።

ምናልባት ቅዳሕ ናይ ገለ ደኩመንትታት ኪህልወካ/ኪ ትደሊ/ልዪ እንተኾንካ/ኪ እቲ ዝበልጸ ኪትውከሶ/ዮ ዘለካ/ኪ ሰብ እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ እዩ። ዝኾነ ብዛዕባኻ/ኺ ዝእከብ ሓበሬታ ብሚስጢርን ብጥንቃቐን እዩ ኪተሓዝ። ምናልባት ገለ መሰረታውያን ነገራት ንምፍላጥ ኣድላዪ ምስ ዝኾውን'ውን ኣብ ውሽጢ ኣገልግሎት ቆልዑ ጥራይ እዩ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ኪግበር ዝኽእል።

ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስ

ነዚ ሓበሬታ’ዚ ምስ ካብ ኣገልግሎት ቆልዑ ወጻኢ ምልውዋጥ ምስ ንደሊ ፍቓድካ/ኪ ክንሓትትን እዚ ሓበሬታ’ዚ ናበይ ከም ዝኸይድ ክንነግረካን/ክን እና።

ነዚ ሓበሬታ’ዚ ምስ ካብ ኣገልግሎት ቆልዑ ወጻኢ ምልውዋጥ ክንገብር እንተደሊና ናትካ/ኪ ፍቓድ ክንሓትትን እቲ ሓበሬታ ናበይ ከም ዝኸይድን ክንሕብረካን/ክን ኢና። እንተኾነ ግን ነቲ ሓበሬታኻ/ኺ ብዘይ ፍቓድካ/ኪ ክንለዋወጠሉ ንግደደሉ እዋን ኪህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ግና ሕጋውን ምኽንያታውን ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ። ነኣብነት ንውላድካ/ኪ ከቢድ ሓደጋ ከምጽእ ከም ዝኽእል ዝእምት ሓበሬታ ምስ ዝጥርጠር።

**መግለጺ በሕታውነት- ሕጊ ምዕቓብ ሓበሬታ 1998 (Data protection Act 1998)**

ንቤት ጽሕፈት ቆልዑ፣ ኣብያተ-ትምህርትን ስድራ-ቤታትን ገለ ሓበሬታ ክንህብ ንግደድ ኢና። ይኹን’በር ኣስማት ቆልዑ/መንእሰያት ኣይንህብን ኢና። እዚ ሓበሬታ’ዚ ከኣ ንኣገልግሎት ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስን ስድራ-ቤታትን ዘመሓይሽ እዩ። ንሳቶም ነዚ ሓበሬታ’ዚ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝጥቀምሉ ብዝያዳ ኪትፈልጥ/ጢ እንተደሊኻ/ኺ ብኽብረትካ/ኪ ነቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ። ወይ ከኣ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ/ሲ ‘www.teachernet.gov.uk/management/ims/datamanagement/privacynotice’

**ኣብ ግዜ መጽናዕቲ/ግምገማ እንታይ ኪኸውን እዩ፧**

ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን (Children and Yound People  Social Care) ናይ ምሕጋዝ ሕቶ ምስ ቀረበሎም እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ምሳኻ/ኺ ምናልባት ከኣ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ ንሓደ ወይ ብዙሕ ግዜ ኪዘራረብ ከድልዮ እዩ። እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ብዛዕባ ኩነታት ውላድካ/ኪ (ደቅኻ/ኺ) ኪፈልጥ ከድልዮ እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ጥዕናኦም፣ ትምህርቶም፣ ከም ወላዲ ከመይ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ኪጸልዉኻ/ኺ ከም ዝኽእሉ,፣ እንታይ ዓይነት ሓገዛት ትረክብን/ቢን እንታይ ዓይነት ሓገዛት መድለዩኻ/ኺ ነይሮምን ዝኣመሰሉ ነገራት። ውላድካ/ኪ (ደቅኻ/ኺ) እኹላት እንተኾይኖም እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ንዓታቶም’ውን  በይኖም ከዘራርቦም ከድልዮ እዩ። ነኣሽቱ እንትኾይኖም ግና ምናልባት ኣኣብ ገዝኦም/ኣብያቶም ኪሪኦም ከድልዮ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ምስ ከም ሓኪም፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ መምህር ወይ ናይ መውዓሊ-ሕጻናት ሰራሕተኛ ዝኣመሰሉ ብዛዕባ ኩነታትካ/ኪ ዝፈልጡ ሰባት’ውን ኪዘራረብ ኪደሊ እዩ። ምስ ኣየኖት ካብ’ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሰባት ክንራኽብ ከም ንደልን ነዚ ነገር’ዚ ንምንታይ ንገብሮ ከም ዘለናን ምሳኻ/ኺ ክንዘራረበሉ ኢና።

ኣብቲ እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ዝዛረቦ ነገራት ወይ ምሰ ሓሳብ ናይ ዝኾነ ኣባል’ቲ መጽናዕቲ ዘይተሰማማም ዓሉ/ዕሉ ነገር እንተልዩ ብጽሑፍ ከተቕርቦን/ብዮን ከም ክፍሊ ናይቲ መጽናዕቲ ኮይኑ ንኪስነድን ዕድል ኪህልወካ/ኪ እዩ።   እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ምስ ተኣከበን ኩሉ ሰብ ሓሳቡ ኪገልጽን ዘረባኡ ኪስማዕን ዕድል ምስ ረኸበን ሓላፊ ናይቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ሲዒቡ እንታይ ኪኸውን /ኪግበር ከም ዘለዎ ኪውስን እዩ። ገለ ካብ’ቶም ኪፍጸሙ/ኪውሰኑ ዝኽእሉ ነገራት ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

-ክንሕግዘካ/ኪ  ንኽእል ኢና። ከምዚ ምስ ዝውሰን ከኣ ናይ ስራሕ ውጥን ኪወጽእ እዩ።

-ናይ መወዳእታ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳድና ንዓኻ/ኺ ብምውካስ ተወሳኺ ሓበሬታ ከድሊ እዩ፣ ተወሳኺ ሓገዝ ኣየድልን እዩ ወይ ከኣ ነዚ ኣገልግሎት’ዚ ብዝበለጸ ኪህቡ ዝኽእሉ ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን ኣይኮኑ።

ናይቲ ግምገማ/መጽናዕቲ ውጽኢት ብዘየገድስ ብዛዕባኡ ኪትሕብር/ሪን ትሰማምዓሉ/ዕሉን ዘይትሰማምዓሉን/ዕሉን ምኳንካን/ኪን ሓሳብካ/ኪ ኪትገልጽ/ጺ መሰል ኣለካ/ኪ።

**ክንደይ ጊዜ ኪወስድ እዩ፧**

ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን ንስድራኻ/ኺ ንምሕጋዝ ድሕሪ ምሕታቶም እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ  7 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ጊዜ ናይ መጀመርያ መጽናዕቲ/ግምገማ ኪገብር እዩ።  ሓባራዊ ግምገማ/መጽናዕቲ (Common Assessment) ገርካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ ግና ነዚ ሓበሬታ’ዚ ከም መበገሲ ክንጥቀመሉ ኢና። ደሕሪ’ዚ እንድሕሪ እቲ ሕመረት ናይቲ መጽናዕቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ (Core Assessment) ዘድሊ ኮይኑ እዚ ካልኣይ  ደረጃ መጽናዕቲ’ዚ ኣብ ውሽጢ 35 ናይ ስራሕ መዓልታት ንኽንውድኦ ዝዓለመ እዩ ኪኸውን ዘለዎ።ንስኻ/ኺ ወይ ስድራኻ/ኺ እቲ ዝተባህለ ግምገማ /መጽናዕቲ ክሳብ ዝውዳእ ኪጸንሕ ዘይክእል ህጹጽ ዝኾነ ሓገዝ እንተደሊኹም  ግና እቲ ግምገማ ቀድሚ ምውዳኡ ሓገዝ ክንገብረልኩም  ንኽእል ኢና።

እቲ ዋና ግምገማ /መጽናዕቲ  ምስተወደኤ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዘድልን ነዚ ሓገዝ’ዚ  መን ኪህቦ ከም ዝኾነን ዝገልጽ ውጥን ስራሕ ክነውጽእ ኢና። እቲ ውጥን ከኣ ንስኻን/ኺን ኣባላት ስድራኻን/ኺን እንታይ ሓላፍነታት ከም ዘለኩም ዝገልጽ እዩ።

**እንታይ ኪገብር እዩ ትጽቢት ዝግበረለይ፧**

ንዚ መጽናዕቲ’ዚ ወለዲ ንደቆም እቲ ዝበለጸ ነገር እንታይ  ከም ዝኾነን  እቶም ቆልዑ ካብቲ ዝዓብዩሉ መበቆል-ስድራቤቶም ሕሾም/በሊጾም ንኽርከቡን ካብ ዝበል ሓሳብ ዝብገስ እዩ።

ብተወሳኺ ወላዲ ምዃን ከቢድ ስለዝኾነ ወለዲ ሐደ ሐደ ግዜ ንገለ ጸገማት ተወሳኪ ሓገዝ/ደገፍ የድልዮም እዩ። ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባ ጸገማትካ/ኪ (ሽግርካ/ኪ)ብግልጽን ብቕንዕናን እንተ ነጊርካና/ኪና ብዝበለጸ ክንሕግዘካ/ኪ ንኽእል ኢና። ብዛዕባቶም ኣዎንታውያን ጎንታት ናይ ስድራኻ/ኺ ከተለልዮም/ዪዮምን ኪትነግረናን/ርናን’ውን ንደልየካ/ኪ ኢና።

ኪፍለጥ ዘልዎ (ካብ’ዚ ተለቒቑ/ተፈልዩ ምስ ማሕበር ቆሎዑን መንእሰያትን ዝተሓዝ)

ካልእ ዝኾነ ርእይቶታት

........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
........................................................................
....................................

ካብ’ዚ ተለቒቑ/ተፈልዩ ምስ ማሕበር ቆሎዑን መንእሰያትን ዝተሓዝ

This document was created with Win2PDF available at http://www.win2pdf.com.
The unregistered version of Win2PDF is for evaluation or non-commercial use only.
This page will not be added after purchasing Win2PDF.